# መሰረታዊ መውዕሎ

## ከምኡድማ ካልኦት ፋይናንሳዊ ሓገዛት

### ናይ ውልቀን ስድራትን ከንክን

**ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል**

ኣብ ምምሕዳር ከተማ Ljusdal እንተኾንካ ትነብርሞ ንገዛእ ርእስኻ ብስራሕ ወይ ብኻልእ መንገዲ ከትጥውር ዘይትኽእል እንተኾንካ፣ መሰረታዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ክህልወካ ይኽእል።

እዚ መውዕሊ እቲ ሕብረተሰብ ዝህበካ ናይ መወዳእታ ሴፍቲ ኔት እዩ፣ ስለዚ መጀመሪያ ካብ ካልእ ክትረኽቦም ዝግብኡኻ ኩሎም ዓይነታት ክፍሊት ክትሓትት ኣለካ። እዚ ንኣብነት ካብ ትካል ማሕበራዊ መድሕን ሽወደን ዝርከብ ክፍሊት፣ ወይድማ ካብ ማእከላይ ትካል ደገፍ ንትምህርቲ (CSN) ዝርከብ ናይ ሽቕሊ ኣልቦነት ወይ ናይ ትምህርቲ ገንዘባዊ ደገፍ (እንኮላይ ናይ ትምህርቲ ልቓሕ) ክኸውን ይኽእል።

እቲ ሓታቲ ርትዓዊ ደረጃ መነባብሮ ስለዘለዎ እቲ መውዕሎ መድሕን ክህበኩም ኣለዎ።

**ንገዛእ ርእስኻ ንምጥዋር ክንዲ ዝኽኣልካዮ ኣበርክቶ ክትገብር ናይ ግድን እዩ**

እቲ መሰረታዊ መውዕሎ ወይከኣ ካልእ ደገፍ ዝሓትት ሰብ ንስራሕ ድሉውን ስራሕ ክቐርበሉ እንከሎ ዝቕበልን፣ ወይድማ ዝተዋህቦ መምርሒ ኣብ ግብሪ ዘውዕል ክኸውን ኣለዎ። እዚ ግቡእ ንከም ናይ ሸቓሎ ዕዳጋ ስልጠና ወይድማ ናይ ስራሕ መጣየሲ ስጉምቲታት ዝኣመሰሉ ናይ ሸቃሎ ዕዳጋ-ፖለቲካዊ ስጉምቲታት እውን ዝምልከት እዩ።

ስልጠናኻ ወይ ልምምድካ ቅድሚ ምውዳእኻ ወይከኣ ስራሕ ናባኻ ቅድሚ ምምጽኡ ኣብ ጽቡቕ እዋን ስራሕ ክትደሊ ኣለካ። እትሰርሖ ዝነበርካ ስራሕ ምስተቛረጽ ብጽባሒቱ ኣብቶም ናይ ሽቕሊ ኣገልግሎታት ክትምዝገብ ከምኡድማ መደብ ክተዳሉ ኣለካ።

ንስራሕ ድሉው ክትከውን ዘይትኽእል እንተኾንካ ድማ፣ ናይ ሓኪም መረጋገጺ ብምሓዝ ዘይትኽእል ምኧንካ ከተረጋግጽ ኣለካ።

**መሕተቲ**

ናይ መሰረታዊ መውዕሎ መሕተቲ ኣብ ሕድሕድ ወርሒ ይፍተሹ። ኣብ ሕድሕድ ወርሒ ሓድሽ መሕተቲ ቅጥዒ እቶትን ወጻኢታትን ምስ ዘርእዩ ተወሰኽቲ ሰነዳት ከተረክብ ኣለካ። እቲ ኣገባብጣ ኣብቲ ወርሑ ዝረኸብካዮ እቶትን ዘውጻእኻዮ ወጻኢን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። ብተወሳኺ መሰረታዊ መውዕሎ ንኽትረክብ ዝገበርካዮ ጻዕሪታት እውን ክግምገም እዩ።

መሰረታዊ መውዕሎ ንምርካብ መሕተቲ ከተእትው እንከለኻ፣ ናይ ፋይናንስካ ዝርዝራት ከተረጋግጽ ኣለካ፣ ኩሎም ዓይነታት እቶት ከኣ ጠለባትካ ኣብ ምግባጥ ኣብ ግምት ክኣትዉ እዮም። እዚ ንኹሎም ናይ ስድራቤትካ ኣባላት ይምልከት። ሓድሽ መሕተቲ ተእቱ እንተሃሊኻ፣ ኣብተን ዝሓለፋ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝነበረካ ናይ ፋይናንስ ኩነታት ክግምገማ እዩ። ኣብ ሓደ ወርሒ ዝተረኽበ ሕልፊ እቶት ናብቲ ዝቕጽል ወርሒ ክሰግር ይኽእል እዩ።

ፋይናንሳትካ ዝምልከት መደብ ናይ ምውጻእን ቀዳምነት ክትህቦ ዝግበኣካ ቀዳምነት ናይ ምሃብን ሓላፊነት ናትካ ይኸውን።

ብተወሳኺ ከም ናይ ንብረት ዋንነት፣ ተሽከርከርቲ፣ ገንዘባዊ ደገፍ፣ ናይ ቀረጽ ተመላሲ ወዘተ ዝኣመሰሉ ካልኦት ሃብቲታት እውን ኣብቲ መሕተቲ ክጥቀሱ ኣለዎም። ብቐሊሉ ክሸየጥ ዝኽእል ነገር እንተሃልዩካሞ ሼጥካ ጠለባትካ ከተማልእ ትኽእል እንተኾንካ፣ ንስኻ መሰረታዊ መውዕሊ ናይ ምርካብ መሰል ኣይህልወካን።

## እቲ መሰረታዊ መውዕሎ

እቲ መሰረታዊ መውዕሎ ክልተ ክፋላት ኣለዉዎ: **እቲ ሃገራዊ ልማድን ርትዓዊ** ክፍሊታት **ኣብ ልዕሊ እቲ ሃገራዊ ልማድን ካብኡ ንላዕሊን።** እቲ ሃገራዊ ልማድ ናይ ግድን ንውልቃዊ ወጻኢታትን ናይ ስድራቤት ሓበራዊ ወጻኢታትን ዝውዕል ርትዓዊ ሃልኪ ከንጸባርቕ ከምኡድማ ነዞም ዝስዕቡ ወጻኢታት ክሸፍንን ኣለዎ:

| | | |
|---|---|---|
| መግቢ | ክዳውንቲ/ኣሳእን ጥዕና/ጽሬት | |
| ተዛንዮታት/ሆቢታት | ጋዜጣታት | ተሌፎን |
| ናይ ቲቪ ልቸንሳ | ናይ ሃልኪ ኣቕሑት | |

ኣብቲ ሃገራዊ ልማድ ዘይተጠቕሱ ወጻኢታት ክንሶም ከከም ኣድላይነቱ ብመሰረት መሕተቲ ክፍሊት ርትዓዊ ወጻኢታት ክሕተተሎም ዝኽእሉ ወጻኢታት:

| | | |
|---|---|---|
| ናይ መንበሪ ገዛ ወጻኢታት | ናይ ገዛ ኤሌክትሪሲቲ | ናይ ገዛ መድሕን (መሰረታዊ መድሕን) |
| ስራሕ-ተንከፍ ጉዕዞ | ናይ ንግዲ ማሕበር ክፍሊታት | ናይ ክንክን ቆልዓ ወጻኢታት |

## ካልኦት ፋይናንሳዊ ሓገዛት

ካልእ ናይ ፋይናንስ ወደገፍ እውን ካብቲ ሃራዊ ልማድ ንላዕሊ ክሕተት ይኽእል እዩ። እቲ ምምሕዳር ከተማ ነዚም ዝስዕቡ ደገፋት ብዝምልከት ውሳነ ይውስን:

| | | |
|---|---|---|
| ናይ ገዛ ኣቕሑት ናይ ስኒ ሕክምና | ናይ ቀብሪ ወጻኢታት | |
| ናይ ክንክን ጥዕናን ናይ ሕክምናን ወጻኢ | ናይ ምቕያር ገዛ ወጻኢታት | ብርጭቆታት |

ነቲ መሰረታዊ መውዕሎ ብዝምልከት ዝተወሰነ ውሳነ እንድሕር ዘይኣዕጊቡካ፣ ይግባይ ናይ ምሕታት መሰል ኣለካ።

ዝጠርጠርናዮ ናይ ረብሓ ምትላል ናብ ፖሊስ ሪፖርት ናይ ምግባር ግቡእ ኣለና። ዝኾነ ብጌጋ ዝተኸፍለካ መውዕሎ ክትመልስ ግቡእኻ እዩ።

እቲም ስታፍ ሚስጢር ናይ ምሕላው ግቡእ ኣለዎም። እቲ ዘቕረብካዮ ሓበሬታ ብመሰረት እቲ ናይ ውልቃዊ ዳታ ሕጊን ካልኦት ንሚስጢራዊነት ዝምልከቱ ሕጊታትን እዩ ዝምስራሕ።

ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብ መሕተቲ ከተእቱ እንተደሊኻ ወይከኣ ብዛዕባ እቲ መሰረታዊ ደገፍ ሕቶታት እንተለዉኻ፣ ከተዘራርበና ትኽእል ኢኻ። ኣብ ደረጃ 3 እቲ ከተማ (Kommunhuset) ዝርከብ ናይ ዓማዊል ኣገልግሎት ማእከልና ተወከስ ወይድማ እቲ መደወሊ ሰሌዳ ተጠቒምካ ብ 0651-180 00 ብምድዋል ምስ ናይ ክፍሊ መሰረታዊ መውዕሎ ሰራሕተኛ ክትዘራረብ ሕተት። ብተወሳኺ ብዛዕባ ናይ ተሌፎን መስመራት እውን ሓበሬታ ክህቡኻ ይኽእሉ እዮም።

LJUSDALS KOMMUN

Ljusdals Kommun
827 80 Ljusdal
0651-180 00